Bayerisches Staatsministerium der Justiz

ናይ ባየር ክፍለ ሃገር ናይ ፍትሒ ሚኒስተር



# ናይ ጀርመን ሕጋዊ ስርዓት መሰረታዊ መትከላትን ዕሴታትን

**ጀርመን ዴሞክራሲያዊት ዝኾነት ብሕጊ ትመሓዳደር ሃገር እያ።**
ኣብ ጀርመን ዝኾነ ዝፍቀድን ዝኽልከልን ነገር መንግስቲ ብሕጊ ዝውስኖ እዩ። ሕግታት ብፓርላማ ይጸድቁ። ናይ ፓርላማ ኣባላት ብህዝቢ ጀርመን ይምረጹ።

**ጀርመን ናጽነትን ማዕርነትን ዘለዋ ሃገር እያ።**
ሕገመንግስትና ናይ ውልቀሰብ መሰላት ዘረጋግጽ እዩ። መንግስቲ እዞም መሰላት የኽብርን ይካላኸልን።

**ኣብ ጀርመን ዝኾነ ሰብ ኣካሉ ንኸይጕዳእ ናይ ኣካላዊ ምሉእነት መሰል ኣለዎ።**
ዝኾነ ሰብ ካልእ ሰብ ንኽጐድእ መሰል የብሉን። ኣብ ሰድራ'ውን ንበዓል ቤትን ብዓልት ቤትን ንቈልዑን ናይ ምጕዳእ መሰል የለን።



**ኣብ ጀርመን ኩሉ ሰብ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ እዩ።**
ወጻእተኛታት ይኹኑ ጀርመናውያን፣ ሃብታም ይኹን ድኻ ኩሎም ኣብ ናይ ጀርመን ቤት-ፍርድታትን ቤት-ጽሕፈታትን ብማዕረ ይራኣዩ።

**ኣብ ጀርመን ኣንስትን ሰብኡትን ማዕረ እዮም።**
ኣብ ስራሕ ፣ ኣብ ሓዳር ወይ ኣብ እርክነትን ኣብ ስድራን ሓደ ዓይነት መስላትን ግዴታታትን ኣለዎም።

**ኣብ ጀርመን ናይ ሃይማኖትን እምነትን ናጽነት ዝተኸብረ እዩ።**
ዝኾነ ሰብ ብናጻ ብሃይማኖት ምእማንን ወይ ዘይምእማንን፣ ዝደልዮ ሃይማኖት ናይ ምምራጽን መሰል ኣለዎ። ኩለን ሃይማኖታት ብማዕርነት ተኸባቢረን ይነብራ።



**ኣብ ጀርመን ዝኾነ ሰብ ሓሳቡ ብናጻ ናይ ምግላጽ መሰል ኣለዎ።**
ዝኾነ ሰብ ዝሓስቦ ናይ ምዝራብ መሰል ኣለዎ። እዚ መሰል ግና ሕግታት ከይጣሓሰን ንኣብነት ናይ ጽልኢትን ዓመጽን መጸዋዕታ ከይገበረን ወይ ሰብ ከየዋረደን ክኸወን ኣለዎ።



**ኣብ ጀርመን ሕጊ ኣብ ተግባር ምፍጻም ናይ መንግስቲ ሓላፍነት እዩ።**
ብዘይ ሕጊ ባዕልኻ ስጕምቲ ምውሳድ ክልኩል እዩ።መሰሉ ዘይተኸብረሉ ሰብ ካብ ፖሊስን ናይ ፍትሒ ኣካላትን ሓገዝ ክረክብ ይኽእል እዩ።እዚኦም ብዘይ ጉቦ ብሕግን ብስርዓትን ዝውስኑ እዮም።